# ውሑስ ጽሬት ምሕላው ኮቪድ-19ን

**Safer Cleaning & COVID-19 Brochure – Tigrinya Translation**

*August 2020*

**ውሑስ ጽሬት ምሕላው ኮቪድ-19ን**

ዝርገሐ ለበዳ ንምግታእ፡ ውሑስ መይላ ጽሬትን ኣጠቓቕማ መመከኒ ጀርምታትን ብዝምልከት እዞም ምኽርታት ተኸተሉ።

ሓፈሻዊ ጽሬት ምክያድ ቀጺልካ ድማ መምከኒ ጀርምታት ከሚካላት ምንጻግ፡ ከም እኒ ኮቪድ-19 ዝኣመሰሉ ሕማማት ምውጋድ ይከኣል እዩ። ጽሬት እንትትገብሩ፡ ዝኾነ ጉድኣት ከብጽሑ ዘይኽእሉ ናይ መናጽሂ ከሚካላትን መይላታትን ምጥቃም ኣብ ገዛኹም ዘሎ ዝኾነ ሰብ ውሑስንኡ ክሕሎ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

**ጠንቅታት ምፍላጥ**

ብዙሓት ናይ ቤት ጽሬት መሐለዊ ፍርያታት፡ ንዓይኒ ኾነ ንጎሮሮ ዝቖጥዕ፣ ርእሲ ሕማም ዘልዕልን ከምኡ ድማ ከም እኒ ኣስማ ዝኣመሰሉ ጸገማት ጥዕና ዘስዕብን ጠንቂ ዝሓዙ ኬሚካላት ኣለዎም። እዚ ድማ፡ ኣብ እዋን ምትንፋስ እዞም ከሚካላት ናብ ውሽጢና ስለዝኣቱ ወይከኣ ቆርበትና ነቲ ኬሚካል ናይ ምስሓብ ባህሪ ስለዘለዎ እዩ። ውሕስ ዝኾነ ጥንቃቐ ዝተመልኦን መይላ ሓለዋ ጽሬትን መሳርሕታትን ምጥቃም ካብዚ ጠንቂ ጥዕና የድሕነና እዩ።

- ኣዝማ
- ዝተቖጠዐ ቆርበት
- ዝተቖጠዐ ዓይኒ
- ሕማም ርእሲ

**ኣዝዩም መርዛም ዘይኮኑ ከሚካላት ተጠቐሙ።(ሓደጋ)**,

**CAUTION (ጥንቃቕ)**, **WARNING (መጠንቀቕታ)**, **DANGER** or **POISON (መርዚ)** ዝብል ሓበሬታ ዝተጽሓፈሎም ፍርያት መናጽሂ ካብ ምጥቃም ተቖጠቡ። ከምዚ ዓይነት መጠንቀቕታት ዝተጽሓፈሎም መሳርሕታት ጽሬት፡ ንጥዕናኹም ጠንቂ ዝኾኑ ከሚካላት ዝሓዙ እዮም።

**ኣብ ክክንደኦም፡ 'ውሑስ ኣማራጭ' (Safer Choice) ወይ ድማ 'ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ' (Cradle to Cradle) ዝብል ሓበሬታ ዝተጽሓፈሎም ተጠቐሙ።** እዚኦም ዓይነታት መናጽሂ ከሚካላት ብዙሕ መርዛማ ዘይኮኑን ኣብ ጥዕንኹም ዓቢ ጠነንቂ ዘየስዕቡን እዮም።

ኣብ ገዛኹም ባዕልኹም ካብ መቧኸዕቲ ሶዳ፣ ኣቸቶ፣ ፈሳሲ ሳሙናን ማይን ገይርካ ምስንዳእ ይከኣል እዩ። እዚኦም ሓዋዊስካ ጸፍሒ ውሰዕጢ ገዛ ንምጽራይ ምጥቃም ይከኣል እዩ።

ውሕስ ዝኾኑ ናይ ጽሬት መሳርሕታት ኣብዚ **Hazwastehelp.org.** መርበብ ሓበሬታ ምምልካት ይከኣል እዩ።

**ጉድኣት ዘይስዕቡ መሳርሒታት ርኸቡ**

ኣብ ገዛና ልባሳትን ጸፍሕን ንምጽራይ ማይ ወይ ከኣ ብዙሕ መርዛማ ዘይኮኑ ፍርያት ተጠቐሙ።

- መሳርሒ ጽሬታት ብኸመይ ይውገዱ
- ስፖንጃ
- መፋሕፍሒ
- ካብ ጨርቂ ዝተሰርሐ ማይክሮፋይቨር

**ብከሚካል ቅድሚ ምምካንኩም ኣጽርዩዎ**

**ብምጽራይ ጀምሩ**

ምጽራይ፡ ርሰሓትን ጀርምታት ካብቲ ልባሳትን ጸፍሕን ክእለዩ ይገብር። ሳሙና፣ መርዛም ዘይኮነ ከሚካል፣ ማይን መፋሕፍሕን ገይርኩም ብምጽራይ፤ ርሳሓትን ጀርምታትን ብምልጋስ ጀምርዎ።

**ንሰውነትኩም መከላኸሊ ተጠቐሙ።**

ብፍላይ ቀርበትኩምን ዓይንኹምን፡ ጓንትን መነጽርን ብምጥቃም ተኸላኸሉ። መስኮታት ክፉት ገይርኩም፤ ንጹህ ኣየር ብምርካብ ሳንባኹም ከይጉዳእ ተኸላኸሉ።

**ካብኡ ኣምክንዎ።**

መምከኒ ከሚካላት ኣብቲ ጸፍሒ እንትንጸግ፡ ዳርጋ ንኩሎም ዓይነታት ተጓዳእቲ ጀርምታት የጠፍኦም። ይኹን'ምበር ኣብ ርሰሓት፣ ሓመድ ወይካኣ ዶሮና ኣይሰርሕን። ምስ ኣጽረኽምዎ፡ ኣብ ኤጀንሲ ሓለዋ ከባቢ (EPA)- ዝተመዝገበ ነቲ ኣቕሓ ዝምቹ መምከኒ ከሚካል ተጠቐሙ። ቀጺልኩም ድማ ድረዝዎ።

**ውሕስና ዘለዎ መገዲ ጽሬት ፈሊጥኩም፤ ስድራኹም ካብ ኮቪድ-19 ተኸላኸሉ።**

www.Hazwastehelp.org
www.kingcounty.gov/depts/health
www.shorelinewa.gov/covid
www.epa.gov/coronavirus

**CAUTION, WARNING, DANGER,** or **POISON** ዝብል ሓበሬታ ዝተጽሓፎም ፍርያታት ጽሬት ምስትጥቀሙ፡ ኣብ ሰሜን ስያትል ዝርከብ ካብ ገዛውቲ ዝወጽኡ ጎዳእቲ ጎሓፋት መአከቢ ወሲድኩም ብኣግባቡ ኣወግድዎ።

ሰንበት፣ ሰኑይን ሰሉስን ካብ ሰዓት 9:30 ናይ ንጎሆ ክሳብ 4:30 ድሕሪ ቀትሪ ክፉት እዩ።